“Eritrea at a Crossroads:
A Narrative of Triumph, Betrayal and Hope”

www.eri-platform.org

# ምዕራፍ 18

## ምእንት’ዚ ኣይተቓለስናን!

*ኣብ ሜዳ ንፉዓት ተጋደልቲ ኔርኩም። ብኣኹም ኣዚና ሕቡናትን ሰብ ምሉእ ተስፋን ኔርና። ኣብቲ ኩናት ስዒርኩም ናጽነት ኣምጺእኩምልና። ተፈሲህና ኔርና። ይኹን'ምበር፡ ድሕሪ ሓደ ደርዘን ዓመታት፡ ህይወትና ብዝያዳ ዚኸርፍሐ ጌርኩሞ። ኣብ ትሕቲ ምምሕዳራት ጥልያን፡ እንግሊዝ፡ ፈደረሽንን ኢትዮጵያን ነቢርና፤ ክነግረካ ዝወደይ፡ ምምሕዳርኩም ዘይብቑዕ፡ ኣገባብኩም ግዕዙይ፡ ባጤራኹም ክብረ-ኣልቦ ኢዩ። ሎሚ፡ ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ደቅና ኣብቲ ዚኸፍአ ክንወድቕ፡ ሕሱም ግርምቢጥ ኢዩ። - ሽቃ ዮሃንስ ወልደኣብዝጊ*

እዛ ደምዳሚት ምዕራፍ፡ ***ምዕራፍ 18 ፡- ምእንት’ዚ ኣይተቓለስናን!*** ነቲ እዚ ደራሲ፡ ምስ ብዙሓት ገዳይም ሓርበኛታት ኲናት ናጽነት ብሓበራ፡ በቲ ንኤርትራን ንህዝቢ ኤርትራን ዘሳቐ ዘሎ መንቀራቕሮ ዚስመዮም ዓሚቝ ጓህን ሓዘንን፡ ትገልጽ። ነቲ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዚፈጸሞ ክድዓት፣ ነቲ ጥልመት ናይቲ ምእንትኡ ብረታዊ ቃልሲ ዚተኻየደሉን ዓበይቲ መስዋእትታት ዚተኸፍለሉን መብጽዓታት ናይ ናጽነት፡ ደሞክራሲ፡ ፍትሕን ራህዋን፣ትነቅፍ። እዛ ምዕራፍ’ዚኣ፡ ምስቲ ባህግታትን ኣቐያሪ ዕላማታትን ብረታዊ ቃልሲ ዘሳኒ ምዕሩይ መንግስቲ ንምህናጽ፣ ኣድላዪነት መሰረታዊ ለውጥን ዳግመ-ቅየሳ ፖለቲካ ኤርትራን፡ ትሕብር።